**ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ**
**ብምኽንያት ዝኽሪ 50 ዓመት - ህልቂት ኣስመራ**
**(9ይ ክፋል)**




**ራብዓይ መድረኽ (1978 — 1991)**

ካብ 1975 — 1978 ዝነበረ እዋን፡ ስርዓት ደርግ በቲ ኣብ ኤርትራ ዝካየድ ዝነበረ ብርቱዕ ኲናት ናብ ስዕረት ተገምጊምሉ ዝነበረ እዋን'ዩ። ገዚፍ ወተሃደራዊ ምትእትታው ርእሰ ሓያል ሕብረት ሶቭየት ስለ ዝመጸ ግን፡ ኣብ መፋርቕ 1978 ወተሃደራዊ ኩነታት ብመሰረቱ ተቐየረ። ደርግ በቲ ዝረኸቦ ደገፍ፡ ኣብ ሒደት ኣዋርሕ ንዓቕሚ ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ሓይልታት ምድሪ፡ ባሕርን ኣየርን ብዓቢ ደረጃ ክብ ብምባል፡ ኣብ ጸሊም ኣፍሪቃ እቲ ዝዓበየ ሰራዊት ብምህናጽ ካብ ምክልኻል ወጺኡ ናብ ሰፊሕ መጥቃዕቲ ተሰጋገረ። ሰውራ ኤርትራ ድማ ካብቲ ሓራ ዘውጽኦ ሰፊሕ ከባቢታት ኤርትራ ከዝልቕ ተገደደ።

ድሕሪ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ፡ ስርዓት ደርግ፡ በቲ ዝተጓናጸፎ ዓወት፡ ብመጠኑ እስትንፋስ ስለዝረኸበን ኣብቲ ዝቐጽል ውግኣት ንሰውራ ኤርትራ ፈጺሙ ኪድምስሶ ከምዝኽእል ብምትእምማንን፡ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ዝፍጽሞ ዝነበረ ግፍዕታት እኳ እንተዘየቋረጾ መጠኑ ክንኪ ክኢሉ እዩ። ገለ ሰበስልጣን ኢትዮጵያ፡ ክሳብ ሽው ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዕታት ጌጋ ምንባሩ፡ ህዝቢ ብምግፋዕን ምጭፍጫፍን ግዝኣትካ ምርጋእ ከምዘይክኣል ኣግሂዶም እናተዛረቡ፡

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵውያን ዘሕደሮ ጽልእን ቅርሕንትን ንምልዛብ ኣኼባታት ናይ ህዝቢ እናዓደሙ ጎስጓስ ምክያድ ተተሓሓዝዎ። እቲ ጎስጓስ “ወንበዴታት ጠፊኦም እዮም፡ ድሕሪ ደጊም ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ተሓባቢርኩም ምንባር ይሕሸኩም” ዝዓይነቱ መልእኽቲ ዘመሓላልፍ ነበረ። “መጋለጥ” (ምቅላዕ) ብዝብል ሜላ ድማ፡ ምስ ሰውራ ዝተሓባበሩ ዝነበሩ ዜጋታት ምሕረት ክግበረሎም ባዕሎም ነብሶም ከቃልዑ ይደፋፍኡ ነበሩ። ህዝቢ ኤርትራ ግን፡ ገዛእቲ ኢትዮጵያ መሓርቲ ከምዘይኮኑ ካብ ነዊሕ ታሪኹ ተሞኩሩሉ እዩ። ድሌቱ ብዘይካ ናጽነት ካልእ ስለዘይነበረ፡ በቲ ሰበስልጣን ኢትዮጵያ ቀርበት በጊዕ ተኸዲኖም ዝገብሩዎ ዝነበሩ ናይ ተኻሉ ስራሕን ናይ ሽሕጣን መግለጽታትን ኣይተገርሀን።

ኣብዚ መድረኽ'ዚ ስርዓት ደርግ ወተሃደራዊ ሓይሉ ጥራይ ዘይኮነ፡ ነቲ ተዳኺሙ ዝነበረ ናይ ጸጥታን ድህንነትን ትካላቱ እውን፡ ብሓገዝ ምብራቕ ጀርመን ዳግም ብምውዳብ፡ ብዓቕሚን ናይ ኣሰራርሓ ርቀትን ከሐይሎ በቒዑ እዩ። ኣብ ውሽጢ ከተማታትን ገጠራትን ዝነበረ ስርዒታት ሰውራ ንምብታን ከኣ፡ ብዙሓት ሃሱሳትን ተጸናጸንቲን ኣዋፈሩ፡ ሓያሎ ዜጋታት እናኣሰረ፡ ኣብ ከም ማርያም ግምቢ ዝኣመሰለ ኣብያተ ማእሰርቲ፡ ብዘስቅቕ ኣገባብ እናገረፈ፡ ብዙሕ ግፍዕታት ፈጸመ። ድሕሪ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ዝነበረ መድረኽ፡ ብናይ ምእስራን ምቕጥቃጥን ምርሻንን ዛንታታት ዝተመልአ እዩ። እዚ ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ፡ ውዱባት ኣብ ልዕሊ ዝነበሩ ኣማኢት ናይ ፖለቲካ እሱራት ዜጋታት ዝፍጸም ዝነበረ ኣዝዩ ኣሰቃቒ መግረፍቲን ቅትለትን፡ ኣብ ልዕሊ ምሩኻት ተጋደልቲ ዝውሰድ ዝነበረ ናይ ምርሻን ስጉምቲን ካልእ ርእሱ ዝኸኣለ ዝርዝር መጽናዕቲ ተገይሩ ክስነድ ዝግብኦ ኣርእስቲ እዩ።

ጭካነ ግፍዕታት ገዛእቲ ኢትዮጵያ ግን ኣብ ማእሰርቲ ጥራይ ዝተሓጽረ ኣይነበረን። ተጋደልቲ ኣብ ዝንቀሳቐስሉ ናይ ድሕሪ መስመር ዓድታት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ትሕቲ ምሉእ ቁጽጽር ህዝባዊ ግንባር ኣብ ዝነበረ ቦታታት፡ ሲቪል ህዝቢ ዒላማ ዝገበረ ብዙሕ ደብዳባት ነፈርቲ ይፍጽሙ ኣብ ርእሲ ምንባሮም፡ ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ፡ ወፍሪታት እናካየደ ህዝቢ ናይ ምብስባስን ምቕታልን ተግባራት ብቐጻሊ ዘዘውትሮ ዝነበረ እዩ። ኣብዚ መድረኽ'ዚ፡ ደርግ ነቲ ስርዓተ ሃይለ-ስላሰ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ናይ ገረብ ብሓኸላ ሜላ እውን ክደግሞ ፈቲኑ ነበረ። ንረድኤት ዝመጸ ስርናይ ከም ዓስቢ እናሃበ

ምልሻ-ስርናይ ዝተሰምየ ዕጡቕ ሓይሊ ብምቛም፡ ከምኡ'ውን ንሰውራ ከዲያም ናብ ስርዓት ኢትዮጵያ ኢዶም ዝሃቡ ተጋደልቲ (ወዶ-ገባ) ብምዕጣቕ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ሓድሕድ ከናቑት ብዙሕ ጻዕርታት የካይድ ነበረ። ኣይሰለጠን እምበር፡ ነቲ ኣብ 40ታት መጋበርያ ኢትዮጵያ ዝነበረ 'ማሕበር ኣድነት' ዳግም ህይወት ንምልባስ እውን ፈተነታት ተኻዪዱ እዩ።

ድሕሪ ምዝላቕ ከሳብ ናጽነት ኣብ ዝነበረ መድረኽ፡ ኣብ ደቡብን ምዕራብን ኤርትራ፡ ኣብ ባርካ፡ ሳሕል፡ ሰንሒትን ሰምሃርን ብደብዳብ ነፈርቲ ይኹን ተደጋጋሚ ናይ ሰራዊት ወፍርታት፡ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ብዙሕ ግፍዕታት ተፈጺሙ እዩ። ቀቅድሚ ሻድሻይ ወራር፡ ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ዝነጥፉ ዝነበሩ ተጋደልቲ ንምጽራግ ኣብ መወዳእታ ኣዋርሕ 1981 "ኣልፋ ፕሮጀክት" ተሰምዩ ዝተኻየደ ናብ ዝተፈላለየ መኣዝን ዝቐንዐ ሰፊሕ ወፍሪ፡ ካብቲ ሰላማዊ ህዝቢን ተጋደልቲን ዒላማ ዝገበረ ብዙሕ ወፍርታት ብኣብነት ኪጥቀስ ይኽእል። ከም ኣካል ናይ ሽዑ ወፍሪታት ጸላኢ ናብ ዳምባ ስሓርቲ ኣብ ዝኣተወሉ፡ ከይሃደሙ ኣብ ዓዶም ዝጸንሕዎ ኣስታት 42 ሰባት ዝቐተለሉ ፍጻመ ሓደ ኣብነት እዩ።

ሰራዊት ጸላኢ ኣብ ግንባራት ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ተደጋጋሚ መጥቃዕቲታት ኣብ ዘካይደሉ ዝነበረ እዋን፡ ከቢድ ክሳራታት ክወርዶ እንከሎ፡ ናብተን ድሕሪኡ ዝርከባ ዓድታት ተመሊሱ ሰላማዊ ህዝቢ ምቕታል፡ ዓድታት ምቕጻልን ህዝቢ ምብስባስን ልሙድ ተግባሩ ነበረ። ዓድታት ወረዳ ሃበሮ፡ እምባህራ፡ ጣህራ፡ መዝረት፡ ኣልጋዕታ፡ ሰርጎን፡ ኣፍዕዩን ሓመልተትን ገለ ካብተን ሰራዊት ደርግ ሕነ ስዕረቱ ንምፍዳይ ግፍዕታት ዝፈጸመለንን ዓሰርተታት ተቐማጣኦን ዝተቐትልወንን እየን።

ኣብ ምዕራብ ኤርትራ እትርከብ፡ ቶኾምብያ፡ ኣብ ኣርባዕተ ዝተፈላለየ እዋናት ማለት 1975፡ 1977፡ 1983፡ ብወፍርታት ሰራዊት ጸላኢ ተደጋጋሚ ግፍዕታት ዝወረዳ ሓውሲ ከተማ እያ። ካብ 1975 ክሳብ 1983 ኣብ ዝነበረ ዓመታት ኣብታ ዓዲ ሰላማዊ ህዝቢ ዒላማ ዝገበረ ልዕሊ 100 ደብዳብ ነፈርቲ ከምእተፈጸመ ጸብጻባት የመልክቱ። ኣብ ሞልቀ ዝተፈጸመ ኣብ ሓደ እዋን 42 ዜጋታት ዝተቐትልሉን 94 ዝቘሰልሉን ሰላማዊ ህዝቢ ዒላማ ዝገበረ ደብዳብ ነፈርቲ ከም ኣብነት ክጥቀስ ዝኽእል እዩ። ኣብ ባድመ፡ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሳሕል፡ ባርካን

ሓልሓልን (ኣፍዓበት፡ ናቕፋ፡ ኣግራዕ፡ ሕሸክብ፡ ዓንበርበብ፡ ዛራ፡ ኣስማጥ፡ ዓራርብ፡ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ መደበር ዑቑባት ሰለሙን ወዘተ.) ዝፍጸም ዝነበረ ናብ ሰላማዊ ህዝቢ ዝቐንዐ ደብዳብ ነፈርቲን ኣብ ልዕሊ ሰብን ንብረትን ጥሪትን ዘውረዶ ጉድኣትን ድማ ጸብጺብካ ኣይውዳእን።

መድረኽ 1984-1988፡ ሰውራ ኤርትራ ድሕሪ'ቲ ኣብ ቀወምቲ ግንባራት ዝተኻየደ ናይ 5 ዓመት ምርብራብ ነቲ ህንዱድ ሰራዊት ደርግ ኣዳኺሙ፡ ኣብ ተሰነይ፡ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ባረንቱ መጥቃዕታዊ ተበግሶ እናወሰደ ካብ መድረኽ ምክልኻል ናብ ጃላነት ካብ ጃላነት ደረጃ ብደረጃ ናብ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ ዝተሰጋገረሉ ግዜ ነበረ። ብኡ መጠን ድማ ቅብጸት ስርዓት ደርግ ኣብ ጥርዙ ብምብጽሑ፡ እቲ ኣብ ዝኾነ እዋን ዘይተጋደፎ ኣረሜናዊ ተግባራት ብስፍሓት ዝቐጸለሉ መድረኽ እዩ።

ሓደ ካብ ዘገርም ተርእዮታት ናይዚ መድረኽ'ዚ ከምቲ "ዓሻስ ገበጣ ክሳብ ዝውዳእ ይጻወት" ዝብሃል፡ ገዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ 60ታትን 70ታትን፡ ሓለይቲ ክርስትያን ብምምሳል፡ ኣብያተ ክርስትያን ገዲፎም መሳጊድ እናቃጸሉ፡ ኣብ ልዕሊ እስላም ሕብረተሰብ ኤርትራ ከቢድ ግፍዒ ከምዘየውረዱ፡ ኣብ ኣጋ ዕርበቶም፡ 'ኮን ዶኾን፡ ንክርስትያን ገዲፍካ ንእስላም ምኽሳብ ይሓይሽ' ብዝብል ሓሳብ፡ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ምክፍፋልን ምትፍናንን ንምፍጣር፡ ተጣበቕቲ መታሕትን እስላምን መሲሎም፡ ንገለ ብኣጻብዕ ዝቑጸሩ ዕሱባት ደቂ ሃገር ብገንዘብን ካልእ ረብሓታትን ብምስዳዕ፡ ምስቲ ናይ 5ይ መስርዐኛ ተራ ክጻወት ዝጀመረ ኣድሓርሓሪ ጉጅለ ዓብደላ እድሪስ ብምውዳይ፡ "ቆላማ" ዝተባህለ ኣብ መታሕት ኤርትራ ርእሰ-ምምሕዳር ዝጠልብ ምንቅስቓስ ኣልዒሎም፡ ንህዝቢ ኤርትራ ብሃይማኖት ንምግምማዕ ክሰርሑ ምርኣዮም እዩ። እንተኾነ መልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብዚ መድረኽ'ዚ "ንዓሻኹም በልዎ" እዩ ነይሩ።

ኣብ መጋቢት 1988 ህዝባዊ ሰራዊት፡ ናብ መድረኽ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ ብምስግጋር፡ ንግንባር ናቕፋ ኣፍሪሱ፡ ኣብቲ ግንባር ን9 ዓመታት ብቐዋምነት ዓሪዱ ክረባረብ ዝጸንሐ ብስም "ናደው እዝ" ዝፍለጥ ገዚፍ ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ከበባ ኣእትዩ ብምድምሳስ፡ ንኣፍዓበት ሓራ ዝገበረ ዕዉት ወተሃደራዊ ስርሒት ፈጸመ። እዚ፡ ኣብ ስርዓት ኢትዮጵያ ከቢድ ስንባደን ነውጺን ዝፈጠረ ታሪኻዊ ፍጻመ ነበረ። ብኣገላልጻ ናይ ሽዑ ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር

ተጋዳላይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ እዚ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ'ዚ 'ንመጀመርታ ግዜ ገዛእቲ ኢትዮጵያ፡ ህላወኦም ኣብ ኤርትራ ክቕጽል ድዩ ኣይቅጽልን ምጥርጣር ዝፈጠረሎም እዩ ነይሩ።'

በዚ ድማ፡ ድሕሪ'ቲ ስርሒት ብ31 መጋቢት 1988 ስርዓት ደርግ ህጹጽ ኣኼባ ናይ 'ሽንጎ' (ባይቶ) ብምጽዋዕ፡ ናይ እዋን ሓደጋ ድንጋገን ናይ ክተት ኣዋጅን ኣውጽአ። በቲ ሽዑ ዝወጸ ናይ ክተት ኣዋጅ፡ ሰርዓት ደርግ ካብ ዝተፈላለየ ክባቢታት ኢትዮጵያን ኤርትራን ዘሎ ሰራዊት ኣኻኺቡ፡ ኣብ ግንባር ከረን ናይ ሞትን ሕየትን ውግእ ኣካየደ። እንተኾነ ለውጢ ከምጽእ ኣይከኣለን። ብኣንጻሩ ህዝባዊ ሰራዊት ብምብራቕ፡ ንሳሕል ምስ ሰሜናዊ ባሕርን ጎላጉል ሰምሃርን ዘራኽብ ሰፊሕ ቦታታት ክቈጻጸር ከኣለ።

ኣብቲ ናይ ምብራቓዊ ጎላጉል መጥቃዕቲ፡ ከቢድ ክሳራ ዝተሰከመ ሰራዊት ደርግ፡ ሕን-ሕነ ስዕረቱ፡ ከም ወትሩ ኣብ ሰላማዊ ህዝቢ ኣውረዶ። ቀዳማይ ግዳይ ናይቲ ሽዑ ዝወጸ ድንጋገ እዋን ሓደጋ ድማ ህዝቢ ዓድታት ምብራቓዊ ጎላጉል ነበረ። ኣብ ሚያዝያ 1988፡ ወተሃደራት ደርግ ፈለማ ኣብ ልዕሊ ተቐማጦ ዓዲ-ሹማ፡ ሽባሕን መትከል ኣብየትን ኣባይቲ ሰላማዊ ህዝቢ እናፈተሹ፡ ኣብ ገዛኦም ዝረኸብዎም ክሃድሙ ዘይክኣሉ ቆልዓ ሰበይቲን ኣረጋውያንን ሰሲሕቦም ብምውጻእ፡ ኣብ ሓደ ኣኪቦም ዓሰርተታት ዜጋታት ክቐትሉ እንከለው፡ ኣብ ግንቦት 1988 ከኣ ንህዝቢ ሽዕብን ከባቢኣን ብረሻሻትን ታንክታትን ተሳሂልዎ። ኣብዚ ናይ ሽዕብ ፍጻመ ጥራይ 400 ዜጋታት መብዛሕትኦም ሽማግለታትን ቆልዓ ሰበይቲን ብኣሰቃቒ ኣገባብ ተቐትሉ። ካብዚኣቶም 80 ብሰንሰለት ታንክታት ተረጊጾም ዝተሓምተሉ እዮም። ኣማኢት መንበሪ ገዛውቲን ናይ ሸቐጥ ኣባይቲን ድማ ምስ ምሉእ ንብረቱ ኣቃጸሉ። ብዙሕ ኣዋርቕ፡ ገንዘብን ክቡር ንብረትን ብወተሃደራት ደርግ ተዘምተ። በዚ ጃምላዊ ህልቂት'ዚ፡ ገለ ስድራቤታት ብዘይ ሓድጊ ክጸንታ እንከለዋ፡ ገለ ስድራቤታት ድማ ክሳብ ኣርባዕተ-ሓሙሽት ኣባላተን ተቐትሉወን።

ኣብ ለካቲት 1990፡ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ምብራቓዊ ጎላጉልን ካብ ደንጎሎ ክሳብ ባጽዕ ኣብ ዝዝርጋሕ ከባቢን ዓሪዱ ዝነበረ ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ሰፊሕ በርቃዊ መጥቃዕቲ ብምፍናው፡ ብ10 ለካቲት ንወደብ ምጽዋዕ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ኣእተዋ። ድሕሪ'ዚ ስዕረት'ዚ ስርዓት ደርግ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ምሉእ

ብምሉእ ቀቢጽዎ እዩ። ካብ 4 ሚያዝያ ክሳብ 12 ሰነ 1990 ከኣ፡ ኣብ ልዕሊ ተቐማጦ ባጽዕ 7 ግዜ ብርቱዕ ናይ ነፈርቲ ደብዳብ ኣካየደ። በዚ ደይ መደይ ኢልካ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ዝተፈጸመ ደብዳብ 124 ዜጋታት ብዘስካሕክሕ መውቃዕቲ ህይወቶም ክስእኑ እንከለው፡ 332 ድማ ግዳይ መውጋእቲን ስንክልናን ኮይኖም፡ ኣማኢት መንበሪ ኣባይቲን ትካላትን ምስ ምሉእ ትሕዝቶኡ ተቓጺሉን ዓንዩን። ነዚ ናይ መወዳእታ ናይ ዓቕሊ-ጽበትን ተስፋ-ምቝራጽን ኣረሜናዊ ተግባር ስርዓት ደርግ፡ ህዝቢ ኤርትራ “ቅብጸት” ክብል ሰመዮ።

ኣብዚ ዓመት'ዚ ወተሃደራት ደርግ፡ ሕን-ሕነ ናይቲ ኣብ ዝተፈላለየ ግንባራት ዝወርዶም ዝነበረ ከቢድ ክሳራታት፡ ኣብ ማእከል ኣስመራ፡ ግጥም ዋንጫ ዓለም ክዕዘቡ ዝጸንሕዎም እኩባት መንእሰያት ብኣልማማ ተኹሲ ብምርሽራሽ ኣስታት 40 መንእሰያት ዘህለቕሉ ፍጻመ እውን ጎሊሑ ካብ ዝጥቀስ ግፍዕታት ሓደ እዩ።